## እቲ ምግዱር እንክራታዕ !

## ወፍርና ግን መመሊሱ የጉላዕልዕ !

ወዲ ሰብ ኣብዛ ምጭውቲ ዓለምና ንክነብር ምፍጣሩ ዘከራኽር ጉዳይ ኣይኮነን ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክኣ ከም ዓለሙ ዝነብረላ ቦታ ተዋሂብዎ ከብቅዕ ፡ ብሰንኪ ባዕዳውያን ገዛእትን መሻርኽቶምን ግዳይ ናይ ኣደራዕ ሕሱም መግዛእቲ ስለዝኾነ ፡ ነዚ ኣርዑት መግዛእቲ ንምስባር ፡ ሓገዝ ኣልቦ መዳርግቲ ዘይብሉ ምዑት ቃልሲ ኣካይዱ ፡ ንጸላእቱ ብዘሕፍር ስዒሩ ፡ ምልኣተ ናጽነት ኣረጋጊጹ ፡ ቀጻልነት ሂወት ክረጋግጽ ስለዝነበሮ ፡ ኩሉ ነዚ ሂወት ዝነድቕን ዘማሙቕን ዘድሊዩ መሳለጥያታት ክህልዉ ግድን'ዩ ፡ እንተኾነ ግን፡ ሃገር ተቖጻጺርና'ምበር ፡ ሳላ ሕሱማት ገዛእቲ ፡ ፍጹም ዝዓነወ ትሕተቅርጻ ፡ ዝፈረሰ ኣባይቲ ፡ ኣብ ፈቖዶ ስንጭሮታት ዝተበታተነ ህዝቢ ፡ ካብ ንቡር ወጻኢ ዝኾነ ዝስተማይ ፡ ን 2% ዘየፈውስ መድሃኒትን ኣብያተሕክምናን ካልእን ፡ ብኣጠቓላሊ ፈጺማ ዝዓነወት ኤርትራ ኢና ተረኪብና ፡

ከምቲ ግቡእ ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ንከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ባዕለን ነብሰን ክመርሓ ዝጅምራ መትከል እግሪ ተባሂሉ ዝግበር ሓገዝ ክገብራ ግዴትኣን ነይሩ ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ክገብራ ይትረፍስ ፡ እታ ብደምና ዘረጋገጽናያ ናጽነት'ውን እንተኾነ ፡ ንምውሓሳ ብናትና ጠለብ ፡ ርፈረንዶም ክንገብር ምስወሰናውን'ን እነተኾነ ፡ እቲ ከተግብርዎ ዝግብኦም ካብ ምትግባር ክሕሱሙ ኢና ትዓዚብና ፡ ኤርትራዊ ግን ንናጽነት ብደሙ ፡ ንትግባረ ርፈረንዶም ብድልየቱ ብገንዘቡ ፡ ነቶም ኣይክእልዎን'ዮም ኢሎም ዝሓልሙ ዝነበሩ እቲ ብጋህዲ ዝተራእየ ብኣንጻሩ እዩ ነይሩ፡ ብዘደንቕ ዝኾነ ውጽኢት ብ 99.857% እወ ንናጽነት ኣድሚጹ ወግዓዊ ተፈላጥነት ማሕበረሰብ ዓለም ብውጽኢት ቃልስና ተረጋጊጹ ፡

ዕላማ ቃልስና ግን እዚ ጥራይ ኣኻሊ ኣይነበረን ፡ እወ ውጽኢት ናይ ቃልስና ፡ ህዝብና ጎይታ ናጽነቱ ክኸውን ፡ ልዑላውነት ሃገሩ ንዘንተዕለት ተዋሒሱ ንክነብር እንተዘይኮይኑ፡ ከምካልኦት ኣህጉር ዓለምና ፡ ድሕሪ ምዝዛም ሰውራ ፡ ህዝበን ብስዉር መግዛእቲ ፡ ኣደዳ ጥሜትን ሕሰምን ተቓሊዑሉ ዘሎ ፡ ቃልስና ንባዕዳውያን ጸላእቲ ምስንግ'ዩ ነይሩ ፡ ስለዝሰጎግናዮ ሓላፍነትና ኣውሪድና ኢና ኢልካ ፡ ነዛ ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበት ሃገር ፡ ንሓራግጽን ኣዛብእን ምድርባይ ኣይኮነን እቲ ዝነበረ ዕላማ ፡ ረዚን ማሕላ ስለዝተሰከምና ፡ እዚ ማሕላ ኣብ መዕለቢኡ ከነብጽሖ ግዴታና ስለዝኾነን፡

ክንሰርሖ ዝግብኣና'ክኣ ፡ ንዝዓነወ ትሕተቕርጻ ብኤርትራዊ ዓቕምን ፍልጠትን ዳግማይ ክህነጹ ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ብምዕቡልን ኣፍራዪን ኮይኑ ንዜጋታት ብማዕረ ምኣዲ ፍልጠት ክኣንግድን ፡ ብእኡ መንጽር ዓውዲ ፍልጠት ክሰስን ፡

ህዝቢ ፡ ጽሩይ ማይ ክሰቲ ፡ ካብ ኣደዳ ሕማማት ክድሕን ኣብያተ ሕክምና ክህነጹ ፡ ፍግረመሬትን ማያትን ክዕቀብ ፡ ሕርሻ ክልምልም ፡ ምህርቲ ከኻዕብት ፡ ጸጋታት ሃገር ክፍተሹን ኣብ ሃገራዊ ረብሓ ክውዕሉን ፡ ናይዚ እኩብ ድምር ውጽኢት ከምዝሕብሮ ፡ ካብ ቅለቱና ክንድሕን ፡ ነብስና ክንክእል ስለዝነበረና ፡ ነዚውን መስዋእቲ ስለዘድልዩ ብቐሊሉ ዝመጽእ ኣይነበረን ፡ ነዚ ምርኩስ ብምግባር ፡ ከም ናይ ትማሊ ኣብግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተመዝገበ ቅያ ፡ ሎሚ'ውን ኣብልምዓት ክረጋገጽ ስለዘለዎ ፡ ብወፍሪ ዋርሳይ ይክኣሎ ዝሰላሰል ዘሎ ወፍሪ ልምዓት ፡ ድሮ ምህርቱ ብተግባር ክንሓፍስ በቒዕና ኣሎና ፡ ጎይቶት መሰልና ፡ ብሙኻን ፡ ኤርትራ ሃገርና ፡ ብቐሊሉ ዘይትድፈርን ፡ ዕድሚኣ ንእሽቶ ፡ ሳላደቃ ግን መሰታ ፡ ኣብነታውያን ሃገራት ክትከውን በቒዓ ፡

ነዚ ቅዱስ ዕላማ ዘሰንብዶም ፡ ምምጻይ ነዛ ዓለምና ዝለመዱ ፡ ንጉዕዞና ክሕንኩሉ ዘይፍሓስዎ ውዲት ኣይነበረን ፡ ጉዕዞ ቃልስና ክቖጽዩ ተመንዮመ'በር ካብ ጉዕዞ ሓዲዱ ክኣልይዎ ኣይክኣሉን ፡ እቲ ናይመወዳእታ ቅብጸት ናይተስፉ መቑራጽ ፡ ተለቀብቲ ሃሱሳትን መገልገልትን ፡ ኣዋዲዶም ፡ ንልዑላውነትና ዝደፍር ብሰነምግባር ዝተወገዘ ፡ እዉጅ ወራር ፡ ወራር ናይ ወያነ መዲቦምን ፡ ንምትግባሩ ፡ መስፈረ-ኣልቦ ርሂጸምን ፡ እልቢ ዘይብሉ ዶላራት ኣፍሲሶም ፡ እዚውን ከምዝሓለፉ ወራራት በርዒኑ ተሪፉ ጥረይ

*ዘይኮነ ፡ ኣብቲ ንሳቶም ዝዕንድርሉን ከምድላዮም ድዝውርዎን ዓለማዊ ቤ/ት ፍርዲ ፡ ተረቲዖም ፡ ረቲዕናዮም ፡ ክልተ ግዜ ተዛሪቦም ፡ ሕፍረት ተጎልቢቦም ፡ መሬት ስተርና ውሓጥና ዝበልዋ መሊሳ ተፈኣቶም ፡ ነቲ ተጠሊዖም ባዕላቶም ዘውሓስዎ ትሓሲሞሞ ብጓል መንገዲ ህድማ ንቕድሚት ክፍትኑ ክንደይ ዘይፈተኑ ፡*

*ኤርትራዊ ግን ወፍሩ ወፍሪ ዳዊት ፡ ንጎልያት ዝስዓሮ ፡ ብኹሉ ሞጊቱ ረቲዑ ፡ ንዝቕጽል መደባት ልምዓት ወፊሩ ፡ ከውሒ ነዲሉ ማይ ኣዛርዩ ፡ ወጅሂ ሃገርና ኣብ ሓምላይ ቀይሩ ፡ ወፊሩ ተማሂሩ ምሃዝነቱ ኣኻዕቢቱ ፡ ወፊሩ ንሕማም መኪቱ ጥዕና ህዝቡ ኣውሒሱ ፡ ልሙዕ መሬት ተሰኪሙ ንዓዲሃገር ዝግዕዝ ዝነበረ ውሓይዝ ሃገርና ፡ ብዓቕሚ ሃገራውያን ዲጋታት ተዋዲዱ ፡ ነደርቂ ንምክት ኣብዘለናሉ እዋን፡*

*ብድሕሪ መዳሕንቲ ዝተወለዱ ምግዱራት ፡ ካብ ማህጸን ኤርትራ ዝፈረዩ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ኣብፈቐዶ ሃገራት ክምእርሩሩ ፡ እነኮብለሉ ፡ ንጉዕዞና ንምሕንኳል ፡ ትኣንገት ተሸብሸብ ካብዝብሉ ኣይውሓደን ፡ ንልዑላውነትና ንምግሃስ ፡ ኣብዝተገብሩ ናይ ባዕዳውያን ምትእትታው ፡ ሓበርቲ ፡ ተደጋገፍቲ ፡ ሓሰውቲ ፡ ፕሮፖጋንዳ ነዛሕቲ ፡ መድሃርቲ ፡ ዝኣኸሎም ኣነዋሪ ተግባር ጸረ ሃገረ-ኤርትራን ህዝባን እቕረ ዘይድምስሶ በደል ፈጺሞምን ገና ኣብ ክድምና ይርከቡ ፡ እቲ ዝተመባጽዓሎም ወያኒ ፡ ማይ ኣጊሉ ምስተረፈ ፡ ብክፍሊት ፡ ሓድነትና ንምብትታን ብጸልማት ከደኖ ዝነዝሕዎ ዘለዉ መርዚውን ክሰርሕ ኣይክኣለን ፡*

*ኣብፈቐዶ ኣብያተቤትጽሕፈታት ፡ ናይ ፒራድ-ባንዴራ ሒዞም ፡ ሓገዝ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይትሃቡ ፡ ንኤርትራ ኣብ መዋሊት ግብረሽበራ መዝግቡልና ፡ ዓባይ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ክውሃባ ንድግፍ ፡ ኤርትራ እያ ኩናት ጀሚራ ፡ ኣብ መቐለን ኣዲስኣበባን ኣናሻዕ እናኣተዉ ፡ ብጀካኻ ምሕረት ዘውርደልና የብልናን፡ እዝጊኦ ወያኒ ኣምላኽይ ኣይትጋደፈኒ በጃኻ ፡ ዝደለኻዮ ክገብረልካ እመባጸዕ እናበሉ ፡ ንህዝቦምን ሃገሮምን ኣሕሊፎም ይህቡ ኣለዉ ፡ መቐጸልታ ናይዚ እከይ ውዲታቶም ክኣ ንጽባሕ ዕለት 28.02.2009 ኣብ ፍራንክፈርት ሰልፊ ከነካይድ ኢና ይብሉ ስለዘለዉ ዝኾነ ንሃገረይ የኽብር'የ ብናጽነተይ ይሕበን እየ ዝብል ካብ ትዕዝብቱ ክኸውሎም የብሉን ጥራይ ዘይኮነ ምትሕስሳብውን ክህሉ ናይግድን እዩ ፡*

*እንቶ ብህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘባጨን ዝነግድን ነታ ማሕለኻ ክሓልፉ ማለት ዘበት እዩ ሓቅነቱ ኣብ ጉዕዞ ቃልስና ወትሩ ምስተረጋገጸ እዩ ፡*

*ኣብ መወዳእታ ( ሕሉቕ እንታይ የውጽእ ዓፍራ ) ከምዝብሃል ፡ ትንፋስን ስጋን ክፈላለያ እንከላዋ ዝራትዓ ፡ ጎይትኦም ወያነ ንጥፍኣት ገጹ ዝሕምበበሉ ዘሎ ፡ ( ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ምስዕዓም Kiss of the death ) ብዓንቃሪቦ ሎኪቱ ሒዝዎም ስለዘሎ ኣበይከ ፈልከት ፡ እታ ጋህሲ ብሓባር ክኣትዉዋ ምኽኖም ዘገም ኢልና እንዕዘቦ ናይ ግዜ ጉዳይ እዩ ፡*

*ንሕና ትዓወቲ ንሳቶም ፈሸልቲ !*

*ሰማእታትና ብተግባርና ይዘከሩ !!*

*ዓወት ንሓፋሽ ! !*

*ካብ ብርዒ ሓቂ ፡*